1st current copy

RDC 1

# ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ. 1. /1991/ ቁ. 1.

ዕለት 15 ወርሒ መስከረም ዓ.ም. 1991 ዋጋ ......10"

# ኣዋጅ 2
# መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ

ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከከም ኣድላይነቱ እዞም ዝስዕቡ ምምሕያሻት፡ መተካእታታትን ምስራዛትን ተጌሩሉን ኩሉም ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝምልከቱ ቃላትን፡ ሓረጋትን፡ ኣስማትን፡ ዕለታትን ብናይ ኤርትራ ግዜኣዊ መንግስቲ ተተኪኦምን፡ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ተባሂሉ ካብ መስከረም 15 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ ክሰርሓሉ ተኣዊጁ ኣሎ፦

<u>ቀዳማይ መጽሓፍ፡ ሰባት</u>

<u>ኣርእስቲ 1፡ ባህርያውያን ሰባት</u>

<u>ምዕራፍ 1፡ ሰብነትን ኣብ ሰብነት ዝተሰረቱ መሰላትን</u>

— ዓንቀጻት 1—7 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሑሎም።

— ዓንቀጽ 8 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይሰርሓሉ፦

<u>ዓንቀጽ 8 ሳዕቤናት ሰብነት</u>

1. ዝኾነ ባህርያዊ ሰብ ናይ ሰብነት መሰላቱን ብናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሃገራዊ ፕሮግራምን ቅዋምን፡ ህግሓኤ ብዝተቓለሰሉም መትከላትን ዕላማታትን ዝተረጋገጹ መሰሉን ናጽነቱን ዝተሓለው ይኾኑ።
2. ኣብ ኣጠቓቕማ ናይ'ዞም መሰላትን ናጽነትን ዝኾነ ናይ ዓሌት፡ ሕብሪ፡ ሃይማኖት ወይ ጾታ ኢፈላላይ ኣይፍቀድን።

— ዓንቀጽ 9 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ይሰርሓሉ፦

<u>ዓንቀጽ 9 ደረታት ናይ'ዞም ሳዕቤናት፡</u>

1. ብናይ ሰብነት መሰላትን ብናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ፕሮግራምን ቅዋምን፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብዝተቓለሰሉም መትከላትን ዕላማታትን ዝተረጋገጹ መሰላትን ናጽነትን ምውግጋይ ኣይፍቀድን።
2. ዝኾነ ወለንታዊ ምድራት ናይ'ዞም መሰላትን ናጽነትን ግቡእ

ብዝኾነ ማሕበራዊ ረብሓ ምኽኑይ እንተዘይኮይኑ ሕጋውነት ኣይህልዎን ።"

ዓንቀጻት 10—31 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ፡ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

## ምዕራፍ 2 ኣስማት

— ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጽ 4 ቅቡል ኮይኑን ከምኡ'ውን ናይ ኢትዮጵያ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጻት 38 ፣ 41/1/ 42 /2/ ፣ 44—46 ቅቡላት ኮይኖምን ተዛሚዶም ይስርሑሎም ። ዓንቀጻት ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ 32—37 ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 39 ግን ንጹጋት ይኾኑ ። ትሕዝቶ ሲቪላዊ ሕጊ ህግሓኤ ዓንቀጽ 4 እዚ ዝስዕብ ኢዩ ፡—

### ዓንቀጽ 4 ስም ሰብ

1. ዝኾነ ሰብ ምስ ተወልደ ስም ክዋሃቦ ኣለዎ ።
2. ስም ፣ ናይ'ቲ ዝተወልደ ሰብን ፣ ምስ ኣቡኡን ኣቦሓጉኡን የጠቓልል ።
3. ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ፍቓድ ፣ ስም ንምልዋጥ ኣይከኣልን ።

## ምዕራፍ 3 መርትዖ መዝገብ ክብሪ

— ናይ ህግሓኤ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጻት 5—9 ቅቡላት ኮይኖምን ከምኡ'ውን ናይ ኢትዮጵያ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጻት 57 ፣ 58 ፣ 72 ፣ 73 ፣ ቅቡላት ኮይኖምን ተዛሚዶምን ይስርሑሎም ። ብጀካ እዞም ዝተጠቕሱ ዓንቀጻት እቶም ካብ 47 ክሳብ 153 ዘለው ካልኦት ዓንቀጻት ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ምስ ናይ ምዕራፍ ኣርእስቶም ንጹጋት ይኾኑ ። ትሕዝቶ ሲቪላዊ ሕጊ ህግሓኤ ዓንቀጻት 5—9 ኸኣ እዚ ዝስዕብ ኢዩ ፡—

### ዓንቀጽ 5 ሲቪላዊ መዛግብ

ነፍሲ ወከፍ ህዝባዊ ባይቶ ፣ ኣብ ውሽጢ ሕጋዊ ስልጣኑ ናይ ዝርከቡ ሰባት ናይ ልደት ፣ ናይ ሞት ፣ ናይ መርዓ ዝርዝር ዝሓዙ ሲቪላዊ መዛግብ ኪሕዝ ኣለዎ ።

### ዓንቀጽ 6 ናይ ልደት መዝገብ

ናይ ልደት መዝገብ ብውሕዱ ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታ ክማልእ ኣለዎ ፡—

ሀ- ናይ ልደት ዕለት ፡ ወርሒ ፡ ዓመት ፡ ቦታ ፡
ለ- ጾታ ናይቲ ቆልዓ ፡
ሐ- ስም ቆልዓ ክሳብ ሰለስተ ወለዶ ፡
መ- አስማትን ፡ ዕለትን ቦታን ልደት ወለዱ ።

## ዓንቀጽ 7 ናይ ሞት መዝገብ

ናይ ሞት መዝገብ ብውሕዱ ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታ ከማልእ አለዎ :—
ሀ- ስም ፡ ዕለትን ቦታን ልደት መዋቲ ፡
ለ- ናይ ሞት ዕለት ፡ ወርሒ ፡ ዓመት ፡ ቦታ ፡ ዝሞተሉ ምኽንያትን ፡
ሐ- አስማት ፡ ዕለትን ቦታን ልደት ወለዲ መዋቲ ፡
መ- ስም ፡ ዕለትን ቦታን ልደትን ናይ ሓዳር መጻምዲ ፡ ዕለተ መርዓ ።

## ዓንቀጽ 8 ናይ መርዓ መዝገብ

ናይ መርዓ መዝገብ ብውሕዱ ነዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ሓበሬታ ከማልእ አለዎ :—
ሀ- አስማት ፡ ዕለትን ቦታን ልደት መርዓውቲ ፡
ለ- አስማት ፡ ዕለትን ቦታን ልደት መሳኻኽር መርዓውቲ ፡
ሐ- መርዓ ዝተባዕለሉ ዕለት ፡ ወርሒ ፡ ዓመት ፡ ቦታ ።

## ዓንቀጽ 9 ቅዳሕ ናይ ምሃብ ሓላፍነት

ህዝባዊ ባይቶ ብዝኾነ ሰብ አቤቱታ ምስ ዝቐርበሎም ወይ ብዝ◌ልከቶ ወይ ብቤት ፍርዲ ምስ ዝሕተቱ ካብ ናይ ልደት ፡ መርዓ ወይ ሞት ሲቪላዊ መዛግብ ተመሳኺሩ ዝተኸተመ ቅዳሕ ናይ ምሃብ ሓላፍነት አለዎም ።

## ምዕራፍ 4 ብዛዕባ ምጥፋእ

— ዓንቀጻት 154—173 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## ምዕራፍ 5 ብዛዕባ ናይ መንበሪ ቦታን ምዱብ ቦታን

— ብጀካ ዓንቀጽ 189 ዓንቀጻት 174—191 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 189 ግን ንጹግ ይኸውን ።

## ኣርእስቲ 2፡ ብዛዕባ ናይ ሰባት ብቕዓት

### ምዕራፍ 1፡ ሓፈሻዊ መትከላት

— ብጀካ ዓንቀጽ 194 /2/ ዓንቀጻት 192—197 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 194 /2/ ግን ንጹግ ይኸውን ።

### ምዕራፍ 2፡ ዘይበቕዑ ሰባት

— ዓንቀጻት 198—203 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።
— ዓንቀጻት 204—264 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሉም ።
— ብጀካ ዓንቀጻት 276፡ 279 /ለ/፡ 309 ዓንቀጻት 265—312 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 276 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ንጹግ ይኸውን፡ ዓንቀጽ 279 /ለ/ "...ወይም ከጋብቻ ውጭ በሆነ ግንኙነት አብረው የኖሩ..." ዝብል ሓረግ ተሰሪዙዎ ቅቡል ኮይኑ ይሰርሓሉ ። ዓንቀጽ 309 /1/ "...በዚህ ሕግ በጋብቻ አንቀጽ ቁ. 562 የተመለከተው ሰው..." ዝብል ሓረግ ተሰሪዙን "ሞግዚቱ" ዝብል ቃል ተኪእዎን ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጻት 309 /2/ /3/ ንጹጋት ይኾኑ ።
— ዓንቀጻት 313—327 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።
— ዓንቀጻት 328—338 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

### ምዕራፍ 3. ጽሉላትን ምግዱራትን

— ብጀካ ዓንቀጽ 370 /1/ ዓንቀጻት 339—379 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም፡ ዓንቀጽ 370 /1/ "ወይም ከሕግ ውጭ የሚደረገው የግብረ ስጋ ግንኙነት እንዲቀር" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

### ምዕራፍ 4. ብገበን ብቕዓት ዝተነፍጉ ሰባት

— ዓንቀጻት 380-388 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

## ምዕራፍ 5. ወጻእተኛታት

— ዓንቀጻት 389 - 393 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ኮይኖም፣ ኣብ ክንድኦም ናይ ህግሓኤ ሲቪላዊ ሕጊ ዓንቀጻት 38 - 40 ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም። ትሕዝቶ ናይ ህግሓኤ ሲቪላ ዊ ሕጊ ዓንቀጻት 38 - 40 እዚ ዝስዕብ ኢዩ፦

### ዓንቀጽ 38. ከም ኤርትራውያን ምቝጻር

ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ብሲቪላዊ መሰላት ምጥቃም ብዝምልከት ልክዕ ከም ኤርትራዊያን ይቝጸሩ።

### ዓንቀጽ 39. ናይ ስራሕን ዜግነትን ሕቶ

ወጻእተኛታት ኣብ ኤርትራ ክሰርሑሉ ዝኽእሉ ዓይነት ስራሕን ቅጥዒን ኤርትራዊ ዜግነት ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ቅጥዒን ብሕጊ ይውስን።

### ዓንቀጽ 40. ምኽባር ሕግታት ኤርትራ

ወጻእተኛታት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝነብሩሉ ግዜ ሕግታት ኤርትራ ናይ ምኽባር ግዴታ ኣለዎም።

## ኣርእስቲ 3. ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህበን ማሕበራትን ንፍሉይ ኣገልግሎት ዝተመደበ ንብረትን

## ምዕራፍ 1. ምምሕዳራዊ ትካላትን ኣብያተ ሃይማኖትን

— ብጀካ ዓንቀጻት 398፣ 399፣ ዓንቀጻት 394 - 403 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም። ዓንቀጻት 398፣ 399 ተሰሪዞም በዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 398 ይትክኡ፦

### ዓንቀጽ 398. ኣብያተ ሃይማኖት

ሃይማኖታዊ ትካላት ሕጋዊ ሰብነት ይህልወን። ሃይማኖታት፣ ኣብያተ ክርስቲያን፣ መሳጊድ፣ ገዳማት፣ ደብርታት፣ ሃገረ ስብከታት፣ ሃይማኖታዊ ማሕበራት ብፍሉይ ሕግታት ብዝዋሃበን መሰላት ይመሓደራ።

ምዕራፍ 2. ብዛዕባ ማሕበራት

— ብጃካ ዓንቀጽ 407 ዓንቀጻት 404-482 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 407 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ንጹግ ይኸውን ።

ምዕራፍ 3. ንፍሉይ ኣገልግሎት ዝተመደበ ንብረት

— ዓንቀጻት 483 - 544 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

ምዕራፍ 4. ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህበን ናይ ወጻኢ ማሕበራትን

ንፍሉይ ኣገልግሎት ዝተመደበ ናይ ወጻኢተኛታት ንብረትን

— ዓንቀጻት 545-549 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

2ይ መጽሓፍ ፡ ብዛዕባ ስድራን ውርሻን

ኣርእስቲ 4 ፡ ብዛዕባ ናይ ስጋን ናይ መርዓን ዝምድና

ምዕራፍ 1 ፡ ብዛዕባ ዝምድናን መርዓን ብሓፈሻኡ

— ብጃካ ዓንቀጽ 555 ዓንቀጻት 550 - 559 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 555 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ንጹግ ይኸውን ።

ምዕራፍ 2 ፡ ሕጻ ( ኣስተውዕል ፡ እዚ ምዕራፍ'ዚ ብመሰረት ሃይማኖት ምስልምና ንዝግበር ሕጻ ኣይምልከትን )

— ዓንቀጽ 560 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ብሙሉኡ ተሰሪዙ በዚ ዝስዕብ ሓዲሽ ዓንቀጽ 560 ተተኪኡ ይስርሓሉ ፡

ዓንቀጽ 560 ፡ ትርጉም

ውዕል ሕጻ ማለት ሕጹይን ሕጽይትን ከምዝግራዓው ዝሰማሙዑሉ ውዕል ማለት ኢዩ ።

— ብጃካ ዓንቀጻት 562 ፡ 563 ፡ 564 ፡ 565 ፡ 570 ፡ 571 ፡ 573 ፡ 575 ፡ ዓንቀጻት 561 --576 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጻት 562 ፡ 563 ፡ 564 ፡ 565 ፡ 575 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ። ዓንቀጽ

570 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "... ወይም ከቤተዘመዳቸው የተፈቀደለት እንደራሴ" ዝብል ሓረግ ተሰሪዝዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 571 (1)ን (2)ን ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "ወይም ለመተጫጨቱ ፈቃድ የሰጠው ሌላው ሰው" ክምኡ እውን "ወይም ለመተጫጨቱ ፈቃድ የሰጠው ሰው" ዝብሉ ሓረጋት ተሰሪዞምዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 573(1) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "... ወይም ለቤተዘመዱ ..." ዝብል ሓረግ ተሰሪዝዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 573 (2) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "... ካሳውንም ለመጠየቅ የሚችለውን ባለመብት ..." ዝብል ሓረግ ተሰሪዝዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 573 (3) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከም ዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

## ምዕራፍ 3 ፡ ብዛዕባ ምፍጻም መርዓ

— ዓንቀጻት 577-580 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖምን ዓንቀጽ 579 ብሃይማኖት ምስልምና ንዝግበር መርዓ ዘይምልከት ኮይኑን ድድሕሪኦም ኸኣ ዓንቀጽ 48/6/ ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹን ቅቡል ኮይኑን ይስርሓሎም ፡—

« ዓንቀጽ 48. ምምዝጋብ ናይ መርዓ ውዕል

6. ብዝኾነ ዓይነት መርዓ ዝምርዓው ተጻመድቲ ፡ ድሕሪ ጽምብል ወይ ቅድሚ ጽምብል ኣብ ቅድሚ ሰለስተ መሰኻኽር ፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ናይ ህዝባዊ ባይቶ ናይ መርዓ መዝገብ ክምዝገቡ ኣለዎም ። »

— ኣብ ክፍሊ 1 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ «ኣብ ኩሎም ዓይነታት መርዓ ተፈጸምቲ ዝኾኑ ኩነታት» ዝብል ኣርእስቲ ተሰሪዙ «ብጀካ ብሃይማኖት ምስልምና ኣብ ዝተገብረ መርዓ ኣብ ካልኦት ኩሎም ዓይነታት መርዓ ተፈጸምቲ ዝኾኑ ኩነታት» ብዝብል ሓዱሽ ኣርእስቲ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

— ዓንቀጽ 581 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ ኣብ ክንድኡ ዓንቀጽ 46 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ቅቡል ኮይኑ ክስርሓሉ ፡—

« ዓንቀጽ 46. ድሌት ክልተ ተጻመድቲ

1. መርዓ ኣብ ድሌት ናይ ክልተ ተኣመድቲ ዝተመስረተ ይኸውን ።

2. ናይ መርዓ ውዕል ተቐባልነት ዝህልዎ እቶም ተጸመድቲ 18 ዓመት ምስ ዝመልኡ ጥራይ ኢዩ ።
3. ነዚ ሕጊ'ዚ ብቐጥታ ዘይጸረር ፥ ብልምዳዊ ኣገባብ ዝግበር መርዓ፥ ኩነታት ናይ'ቶም ተጸመድቲ ወይ ረብሓ ናይ'ታ ስድራ ኣብ ግምት ብምእታው ቤት ፍርዲ ክጽድቖ ወይ ክፍርሶ ይኽእል ።
4. መርዓ ብልምዳዊ ኣገባብ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ፥ ኣብ ሞንጎ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ዝግበር ምትሕጽጻይ ኩልኩል ይኸውን ።
5. ንኡስ ዓንቀጻት /3/ን /4/ን ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ምስ ዝጠሓስ ፥ ኣኽባር ሕጊ ወይ ዝኾነ ግዱስ ሰብ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርዓን ወይ ክሲ ክቐርብ ይኽእል ።

— ብጀካ ዓንቀጻት 592 ፥ 594 ፥ ዓንቀጻት 582-596 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 592/1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ « ... በዚህ ሕግ በታብቻ አን ቀጽ በቁጥር 562 በተመለከተው መሠረት የቤተዘመዱ እንደ ራሴ የሚባለው ወይም ...» ዝብል ሓረግ ተሰሪዙዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 592/2/ን /3/ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 594 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮ ጵያ ንጹግ ኮይኑ ፥ ዓንቀጽ 594 /1/ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

— ዓንቀጻት 597-604 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

— ዓንቀጽ 605 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 605 (2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ « /ካብ ቁጽሪ 581 ክሳብ 596/ » ዝብል ጥቕሲ « (ካብ ቁጽሪ 582 ክሳብ 596 / » ብዝብል ጥቕሲ ይትካእ ። ዓንቀጽ 605 /3/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ ኣብ ክንድኡ እዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 605 /3/ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ፥—

«ዓንቀጽ 605 <u>ሃይማኖታዊ መርዓ</u>

1.
2.
3. ውዕል ሃይማኖታዊ መርዓ ብመሰረት ዓንቀጽ 5-9 ሲቪላዊ ሕጊ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ይምዝገብ ።»

— ዓንቀጽ 606 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 606 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ

« /ካብ ቁጽሪ 581 ክሳብ 596/ «ዝብል ጥቕሲ /ካብ ቁጽሪ 582 ክሳብ 596/ ብዝብል ጥቕሲ ይትካእ ። ዓንቀጽ 606 /3/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ ኣብ ክንድኡ እዚ ዝስዕብ ዓንቀጽ 606/3/ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

« ዓንቀጽ 606 ልምዳዊ መርዓ

1.
2.
3. ውዕል ልምዳዊ መርዓ ብመሰረት ዓንቀጽ 8 ሲቪላዊ ሕጊ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ይምዝገብ ።

## ምዕራፍ 4 ፡ ኩነታት መርዓ ስለዘይተሓለዉ ዝውሰን መቕጻዕቲ

— ኣብ ክፍሊ 1 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ «ኣብ ኩሎም ዓይነታት መርዓ ተፈጸምቲ ዝኾኑ ኩነታት » ዝብል ኣርእስቲ ተሰሪዙ ፡ «ብጀካ ብሃይማኖት ምስልምና ኣብ ዝተገብረ መርዓ ኣብ ካል ኦት ኩሎም ዓይነታት መርዓ ተፈጸምቲ ዝኾኑ ኩነታት» ብዝ ብል ሓዲሽ ኣርእስቲ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።
— ዓንቀጻት 607-624 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ብጀካ ዓንቀጽ 607 ክምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ዓንቀጽ 607/1/ን /2/ « ዕድሜዋ ከ15 በታች የሆነችውን ሴት » ዝብል ሓረግ «ዕድሜዋ ከ18 በታች የሆነችውን ሴት» ብዝብል ሓረግ ይትካእ ።

## ምዕራፍ 5 ፡ ሳዕቤናት መርዓ

—ብጀካ ዓንቀጻት ፡ 630 ፡ 632 ዓንቀጻት 625-634 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 630/1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ «ሓደ ቅዳሕ ውዕል መርዓ ብመሰረት ዓንቀጻት 5ን 8ን ሲቪላዊ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ናይ ምዝገባ መዝነት ንዝተዋሀቦ ሰብ ይስትለም» ብዝብል ሓዲሽ ዓንቀጽ 630 /1/ ተተኪኡ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 630/2/ ሲ.ቪ. ላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓን ቀጽ 632/1/ን /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ክምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 632/3/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ተሰሪዙ «ምቕያር ናይ'ቲ ውዕል ዘመልክት ጽሑፍ ቅዳሕ ብመ ሰረት ዓንቀጻት 5ን 8ን ሲቪላዊ ሕጊ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ናይ ምዝገባ መዝነት ንዝተዋህቦ ሰብ ይስትለም» ብዝብል ሓዲሽ ዓንቀጽ 632/3/ ተተኪኡ ይስርሓሉ ።

— ዓንቀጽ 635 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ኮይኑ፣ ኣብ ክን ድኡ ዓንቀጽ 45 ሲቪላዊ ሕጊ ሀ.ግ.ሓ.ኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ፦

«ዓንቀጽ 45. ማዕረ መሰላት ናይ ክልተ ጾታታት

1. እዚ ናይ ስድራ ሕጊ'ዚ ኣብ ማዕረ መሰላት ናይ ክልቲኦም ጾታታት፣ ኣብ ምሕላው ጥቕምታት ናይ ኣንስትን ቆልዑን ዝተ መርኮሰ ኢዩ።

2. ውዕል መርዓ ነዚ ዝጻረር ስምምዕ ከሰፍሮ ኣይከኣልን።

— ብጀካ ዓንቀጻት 637፣ 639፣ 641፣ 644 ዓንቀጻት 636-645 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓ ሎም። ዓንቀጽ 637 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ «በባልየው መሪነት» ዝብል ሓረግ ተሰሪዘዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 637 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 639 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 639/2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮ ጵያ ግን ንጹግ ይኸውን። ዓንቀጽ 641 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢት ዮጵያ»... የሚወስነው ባልየው ነው» ዝብል ሓረግ ተሰሪዙዎ «ሰብኣይን ሰበይትን ይውስንዎ» ብዝብል ተተኪኡ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 641 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን። ዓንቀጽ 644 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን።

— ዓንቀጽ 646 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን።

— ዓንቀጽ 647 ሲቪላዊ ሕጊ ጾኢትዮጵያ «ሰብኣይን ሰበይትን በን ጻሩ ዝገብርዎ ስምምዕ እንተዘየልዩ» ዝብል ሓረግ ኣብ ቅድ ሚኡ ኣትይዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ።

— ብጀካ ዓንቀጽ 656፣ ዓንቀጻት 648-661 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮ ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም። ዓንቀጽ 656 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ «ሰብኣይን ሰበይትን ናይ ሓባር ንብረቶም ብሓባር የማሓድሩ» ብዝብል ሓዱሽ ዓንቀጽ 656 /1/ ተተኪኡ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 656 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ። ዓንቀጽ 656 /3/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን።

— ድሕሪ ዓንቀጻት 648 - 661 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ፣ ዓንቀ ጻት 49 - 52 ሲቪላዊ ሕጊ ሀግሓኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይ ሾም ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም፦

ዓንቀጽ 49 ፡ ገዝሚ ክልኩል ምኳኑ ፡

1. ኣብ እዋን መርዓ ብኣቦ ወዲ ይኹን ኣቦ ጓል ወይ ብኣዝማድ ዝዋሃብ ገዝሚ ክልኩል ይኸውን ።
2. ኣብ እዋን መርዓ ገንዘብ ንምእካብ ኢልካ ፡ ንዓደምቲ ክምዝኸ ፍሉ ዝግበር ናይ ዕድመ ገንዘብ ክልኩል ይኸውን ።
3. ንክልተ መርዓውቲ ዝወሃብ ዝኾነ ህያብ ግን ፡ ፍቑድ ይኸውን ።
4. ኣብ ግዜ ፍትሕ ፡ ንቲ ንመርዓውቲ ዝተዋህበ ህያብ ናብ ወሃብቲ ምምላስ ክልኩል ይኸውን ።

ዓንቀጽ 50 ፡ ምዝራፍ ክልኩል ከምዝኾነ

1. ብምዝራፍ ዝግበር መርዓ ክልኩል ይኸውን ።
2. ዝኾነ ይኹን ፡ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ምዝራፍ ዝሳተፍ ሰብ ብገበናዊ ሕጊ ይቕጻዕ ።

ዓንቀጽ 51 ፡ ሓዳር ምውጻእ

ክልተ ሓደሽቲ ምርዑዋት ሓዳሮም ክወጹን ካብ ጽግዕተኛነት ስድራቤቶም ነጻ ክኾኑን ኣብ ዝሓቱሉ እዋን ፡ ወለዲ ብዘይገለ ጸቕጢ ክፈቕዱሎም ኣለዎም ።

ዓንቀጽ 52 ፡ መውጽኢ ጎጆ ፡

ኣብ እዋን ምውጻእ ሓዳር ፡ ወለዲ ኣብቲ ከባቢ ብዝዝውተር ሕጊ እንዳባ መሰረት ፡ ንቶም ሓደሽቲ ምርዑዋት ፡ መውጽኢ ጎጆ ወይ መትከል እግሪ ክህብዎም ሓላፍነት ኣለዎም ።

ምዕራፍ 6 ፡ ብዛዕባ ምፍራስ መርዓ ፡

— ብጀካ ዓንቀጻት 670 ፡ 678 ዓንቀጻት 662 - 682 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 670 (ሀ) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተሰሪዙ ፡ በዚ ዝስዕብ ሓዲሽ ዓንቀጽ 670 (ሀ) ተተኪኡ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ :-

ሀ- ሓደ ወገን ፍሉጥ ብዝኾነ ወይ ብሕክምና ብዝተረጋገጸ ኣካላዊ ጉድለት ጾታዊ ርክብ ንምፍጻም ክእለት ምስ ዘይህልዎ ወይ ብሕክምና ብዝተረጋገጸ ናይ ኣእምሮ ሕማም ወይ ናይ ደዌ ሕማም ( ሕማም ዓቢ ) ወይ ሕማም መውስቦ ወይ ብኻልእ ሕማም ምኽንያት ኣይብቑዕን ኢዩ ምስ ዝብሃል ።

ዓንቀጽ 670 /ለ/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ዓንቀጽ 678 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ኮይኑ ዓንቀጽ 678 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

— ዓንቀጻት 683—689 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

— ብጀካ ዓንቀጻት 691፣ 692፣ 693፣ 695፣ ዓንቀጻት 690—696 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ቅቡላት ኮይኖም ከምዘለውዎ ይስርሓሉም ። ዓንቀጽ 691 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ። ዓንቀጽ 692 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "በርከት ያለውን ድርሻ ወይም ጠቅላላዉን" ዝብል ሓረግ ተሰሪዙ፣ "ሰለስተ ርብዒ" ብዝብል ሓረግ ተተኪኡ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 692 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "ሲሶ" ዝብል ቃል ተሰሪዙ "ርብዒ" ብዝብል ቃል ተተኪኡ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 693 /1/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ እቲ ንዓንቀጽ 691 ዝገብር ጥቕሲ ተሰሪዙ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ፡ ዓንቀጻት 693 /2/ን/3/ ግን ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ። ዓንቀጻት 695 /1/ን/2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ፡ 695 /3/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ሞንጎ "የሚያስወቅስበትን መጠን" ዝብልን "መመርመር አለባቸው" ዝብልን ሓረጋት "እንተልዩም ኸኣ፣ ካብቲ ዝፈረሰ መርዓ ናይ ዝተወልዱ ቆልዑ" ዝብል ሓዲሽ ሓረግ ተወሲኹዎ ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 7. ናይ መርዓ መርትዖ

— ዓንቀጻት 697—707 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ይስርሓሉም ።

ምዕራፍ 8. ብዛዕባ ካብ መርዓ ወጻኢ ዝህሉ ናይ ስጋ ርክብ

— ከምዚ ዝኣመሰለ ርክብ ንጹግ ስለዝኾነ ዓንቀጻት 708—721 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምኡ እውን ዝኾነ ጥቕሲ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ርክብ ኣብ ካልኦት ኣርእስታትን ዓንቀጻትን ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።

ምዕራፍ 9. ኣብ ናይ መርዓን ፍትሕን ጉዳያት ዝለዓሉ ክርክራት

— ብጀካ ዓንቀጽ 730. ዓንቀጻት 722—737 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 730 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ንጹግ ይኸውን ።

## ምዕራፍ 10. ብዛዕባ ውሉድ

— ብጀካ ዓንቀጻት 740 ፥ 745 ፥ 746 ፥ 761 ፥ 764 ፥ ዓንቀጻት 738—795 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 740 /1/ን/3/ን ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 740 /2/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ተሰሪዙ "ኣቦነት ኣቦ ውላደይ ኢዩ ብምባል ካብ ምቕባሉ ወይ ኣደ ውላድካ ኢዩ ኢላ ካብ እትገብሮ ምዕዳል ይምንጩ" ብዝብል ሓዲሽ ዓንቀጽ 740 /2/ ተተኪኡ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 745 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ። ንኡስ ክፋል 3 "ኣቦነት ብዛዕባ ምፍላጥ" ዝብል ኣርእስቲ "ወይ ምዕዳል ኣቦነት ብኣደ" ዝብል ሓረግ ተወሲኽዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጽ 746 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ኣብ ሞንጎ "ከማወቂ የተነሳ" ዝብልን "የልጁ አባት መሆኑ ሊረጋገጥ ይቻላል" ዝብልን ሓረጋት ፥ "ወይ ኣደ ኣቦ ኢዩ ኢላ ምስ ትዕድል" ዝብል ሓረግ ተወሲኽዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።

ደድሕሪ ዓንቀጽ 757 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ዓንቀጽ 60 ሲቪላዊ ሕጊ ህግሓኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ :—

### ዓንቀጽ 60. ካብ ሕጋዊ መርዓ ወጻኢ ናይ ዝተወልዱ ቆልዑ ኣቦነት

1. ኣብ ዓንቀጻት 762—768 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ዝሰፈሩ ድንጋገታት ዝተሓለዉ ኮይኖም ፥ ካብ ሕጋዊ መርዓ ወጻኢ ናይ ዝተወልደ ቆልዓ ኣቦ ፥ ኣደ ኣብ ግዜ ድቂ ምሓዛ ምስኣ ስጋዊ ርክብ ከምዝገበረ ዝእምት መርትዖ ብምቕራብ ኣቦኡ ኢዩ ዝበለቶ ሰብ ይኸውን ።
2. እቲ እታ ኣደ ኣቦኡ ኢዩ ዝበለቶ ሰብ ፥ ኣቦ ከምዘይኮነ ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖ ከቕርብ እንተድኣ ኪኢሉ ፥ ነቲ ናይታ ኣደ ቃል ናይ ምፍራስ መሰል ኣለዎ ።
3. ካብ ሕጋዊ መርዓ ወጻኢ ዝወለደት ኣደ ፥ ኣቦነት ሓንሳብ ንሓደ ሰብ ምስ ሃበት ፥ ካልኣይ ግዜ ንካልእ ሰብኣይ እንተድኣ ሂባ ፥

እቲ ንኻልኣይ ግዜ ዝዓደለቶ ኣቦነት ተቐባልነት ኣይህልዎን ፡፡
4. ኣቦነት ንምዕዳል ዝቐርብ ክሲ በታ ኣደ ቆልዓ ፣ ወይ ንሳ ምስ ተመውት ወይ ድሌታ ንምግላጽ ምስ ዘይትኽእል ፣ ብሞ ግዚት ናይቲ ቆልዓ ጥራይ ክቐርብ ይኽእል ፡፡
ዓንቀጽ 761 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ፡፡ ዓን ቀጽ 764 /ሀ/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ፡፡ ዓንቀጽ 764 /ለ/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስ ርሓሉ ፡፡ ኣብ ዓንቀጽ 765 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "የግብረ ስጋ ግንኙነት" ዝብል ጥቕሲ ንጹግ ይኸውን ፡፡

ምዕራፍ 11. ብዛዕባ ወዲ ጡብ

— ዓንቀጻት 796—806 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኰይኖም ይስርሓሎም ፡፡

ምዕራፍ 12 ፣ መልዕሎ ናይ ምሃብ ግዴታ

— ዓንቀጻት 807 - 824 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኮይኖም ይስርሓሎም ፡፡

ኣርእስቲ 5 ፣ ብዛዕባ ውርሻ (እዚ ሕጊ'ዚ ኣብ ልዕሊ ውርሻ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ተፈጻሚነት የብሉን)

ምዕራፍ 1 ፣ ብዛዕባ ምምሕልላፍ ውርሻ

— ብጀካ ዓንቀጻት 847 ፣ 849 ፣ 850 ፣ 851 ፣ 852 ዓንቀጻት 826-941 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓ ሎም ፡፡ ዓንቀጽ 847 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ" ንሳቶም እንተ ዘየልዮም መዋቲ ኣብ ዝሞተሉ ግዜ መጻምድቱ ዝነበረ ወራሲ ይኸውን " ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ተወሲኹዎ ቅቡል ኮይኑ ይስር ሓሉ ፡፡ ዓንቀጻት 849 ፣ 850 ፣ 851 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹ ጋት ይኾኑ ፡፡ ዓንቀጽ 852 ሲብላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ኣብ ሞንጎ " የሌሉ እንደሆነ " ዝብልን " የማቹ ሃብት ወራሽነት " ዝብልን ሓረጋት " መዋቲ ኣብ ዝሞተሉ ጊዜ መጻምድቲ ዝነ በረ እንተ ዘየልዩን " ዝብል ሓረግ ተወሲኹዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ፡፡

ምዕራፍ 2 ፣ ብዛዕባ ምጽራይ ውርሻ

— ዓንቀጻት 942 - 1059 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ፡፡

እቲ ንኻልኣይ ግዜ ዝዓደለቶ ኣቦነት ተቐባልነት ኣይህልዎን ።

4. ኣቦነት ንምዕጻል ዝቐርብ ክሲ በቃ ኣደ ቆልዓ ፡ ወይ ንሳ ምስ ተመውት ወይ ድሌታ ንምግላጽ ምስ ዘይትኽእል ፡ ብሞ ግዚት ናይቲ ቆልዓ ጥራይ ክቐርብ ይኽእል ።

ዓንቀጽ 761 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ። ዓን ቀጽ 764 /ሀ/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ። ዓንቀጽ 764 /ለ/ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ከምዘለዎ ቅቡል ኰይኑ ይስ ርሓሉ ። ኣብ ዓንቀጽ 765 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ "የግብረ ስጋ ግንኙነት" ዝብል ጥቐሲ ንጹግ ይኸውን ።

ምዕራፍ 11. ብዛዕባ ወዲ ጡብ

— ዓንቀጻት 796—806 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኰይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 12 ፡ መልዕሎ ናይ ምሃብ ግዴታ

— ዓንቀጻት 807 - 824 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡ ላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣርእስቲ 5 ፡ ብዛዕባ ውርሻ ( እዚ ሕጊ'ዚ ኣብ ልዕሊ ውርሻ ናይ ኣመንቲ ምስልምና ተፈጻሚነት የብሉን )

ምዕራፍ 1 ፡ ብዛዕባ ምምሕልላፍ ውርሻ

— ብጀካ ዓንቀጻት 847 ፡ 849 ፡ 850 ፡ 851 ፡ 852 ዓንቀጻት 826-941 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓ ሎም ። ዓንቀጽ 847 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ" ንሳቶም እንተ ዘየልዩም መዋቲ ኣብ ዝሞተሉ ግዜ መጻምድቲ ዝነበረ ወራሲ ይኸውን " ዝብል ሙሉእ ሓሳብ ተወሲኹዎ ቅቡል ኮይኑ ይስር ሓሉ ። ዓንቀጻት 849 ፡ 850 ፡ 851 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹ ጋት ይኾኑ ። ዓንቀጽ 852 ሲቢላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ኣብ ሞንጎ " የሌሉ እንደሆነ " ዝብልን " የማቴ ሃብት ወራሽነት " ዝብልን ሓረጋት " መዋቲ ኣብ ዝሞተሉ ጊዜ መጻምድቲ ዝነ በረ እንተ ዘየልዩን " ዝብል ሓረግ ተወሲኹዎ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ።

ምዕራፍ 2 ፡ ብዛዕባ ምጽራይ ውርሻ

— ዓንቀጻት 942 - 1059 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 3 ፡ ብዛዕባ ምክፍፋል ውርሻ

— ብጀካ ዓንቀጻት 1066 (2) ፡ 1088 ፡ 1089 ዓንቀጻት 1060-1113 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጻት 1066 (2) ፡ 1088 ፡ 1089 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።

ምዕራፍ 4 ፡ ንውርሻ ዝምልከቱ ስምምዓት

— ዓንቀጻት 1114 - 1125 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

## 3ይ መጽሓፍ ፡ ብዛዕባ ንብረት

### አርእስቲ 6 ፡ ብዛዕባ ንብረት ብሓፈሻኡን ብዛዕባ እጀታን

ምዕራፍ 1 ፡ ብዛዕባ ንብረት ብሓፈሻኡ

— ዓንቀጻት 1126 - 1139 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ፡ እጀታ

— ዓንቀጻት 1140 - 1150 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

### አርእስቲ 7 ፡ ውልቃዊ ዋንነት

ምዕራፍ 1 ፡ ብዛዕባ ዋንነት ዝጥረየሉን ዝመሓላለፈሉን ዝተርፈሉን ኩነታትን ናይ ዋንነት መርትዖን ።

— ብጀካ ዓንቀጻት 1168 - 1169 ዓንቀጻት 1151 - 1203 ሲቪላዊ ሕጊ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጻት 1168 ፡ 1169 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።

ምዕራፍ 2 ፡ መሰላትን ግቡኣትን ወናኒ

— ዓንቀጻት 1204 - 1256 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

### አርእስቲ 8 ፡ ናይ ሓባር ዋንነት ፡ ተጠቃምነትን ካልኦት መሰላት ኣብ ልዕሊ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ፡

ምዕራፍ 1 ፡ ናይ ሓባር ዋንነት

— ብጀካ ዓንቀጽ 1257 (2) ዓንቀጻት 1257 - 1308 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ። ዓንቀጽ 1257 (1) ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።
ዓንቀጽ 1257 (2) ግን ንጹግ ይኸውን ።

ምዕራፍ 2 ፡ ተጠቃሚነት

— ብመሰረት ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ገጠር መሬት ሕጊ ንዝካየዳ ዘለዋ ዓድታት ዘይምልከቱ ኮይኖም ዓንቀጻት 1309-1324 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ገጠር መሬት ሕጊ ኸኣ እዚ ዝስዕብ'ዩ ፤

ዓንቀጽ 182 ፡ ዓዳዊ ምምሕዳር መሬት

1. ብንጹር መሬት መንግስቲ ኢዩ ክሳብ ዘይተባህለ ፡ ኣብ ሓደ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝቆጻጸሮ ወይ ከባቢ ፡ ህዝባዊ ባይቶ እንተድኣ ቆይሙ እቲ መሬት ብዓዲ ይመሓደር ።
2. ዓዲ ማለት ብልምዲ ከም ሓደ ጥርኑፍ ዓዲ ወይ ቁሸት ዝፍለጥ ዝነበረ ወይ ንኣሳልጦ ምምሕዳር ተባሂሉ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም ዓዲ ዝተቐበሎ ቦታ ወይ ከባቢ ኢዩ ።
3. ሓደ ዓዲ ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝርከብ መሬት ፡ ንኣብነት ኣብ ከበሳን ቆላን ዝርከብ መሬት ከመሓድር ይኽእል ።
4. ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ከባቢ እቲ ዓዲ ካብ ቅድም ኣትሒዙ ከም ናይ መንግስቲ ዝፍለጥ መሬት እንተድኣ ሃልዩ ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ እቲ ዓዲ ንከመሓድሮ ብንጹር እንተዘይኣፍቂዱ ፡ ከም ናይ መንግስቲ መሬት ይውሰድ ።

ዓንቀጽ 183 ፡ ምክፍፋል መሬት ኣብ ዝሕረስን ዘይሕረስን

ህዝባዊ ባይቶ ነቲ ልምዲ ናይ ዓዲን ከባቢን ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ መሬት ዓዲ'ኣብ ዝሕረስን ዘይሕረስን መሬት ክኸፋፍሎ ኣለዎ ።

ዓንቀጽ 184 ፡ ዘይሕረስ መሬት

ዘይሕረስ መሬት ገዛውትን ንኻልኣት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ስራሓት ንምክያድ ዘድልዩ ህንጻታትን ቦታታትን ( ከም መቓብር ፡ መስጊድ ፡ ቤተ-ክርስትያን ፡ ቤት-ትምህርቲ ፡ መኣከቢ ዓዲ ፡

መገዲ... ወዘተ) ዕሙር አግራብ፡ ናይ ሳዕሪ ሕዛእቲ፡ ናይ ሩባ ሸኻታት፡ መንግስቲ ንመንግስታዊ ስራሓት አድለይቲ ኢዮም ዝተባህሉ ቦታታትን የጠቓልል።

## ለ/ ኣተዓዳድላ ዝሕረስ መሬት

### ዓንቀጽ 185፡ ዝሕረስ መሬት ብዓዳሊት ሽማግለ ከም ዝደላደል

1. ዝሕረስ መሬት ዓዲ፡ ካብ ውሽጢ ህዝባዊ ባይቶ ወይ ካብ ብህዝቢ ብዝተመርጸት ዓዳሊት ሽማግለ ይደላደል።
2. እታ ሽማግለ ንምድልዳል ዘሳልጥ፡ እንተኾይኑ ዓቛሮ፡ ገላፎ፡ መታሮ ዝተባህላ ክፋላት ወይ ከአ ምስቲ ናይቲ ከባቢ ልምዲ ዝሰማማዕ ካልኦት ክፋላት ክህልዎ ይኽእል።
3. ምድልዳል መሬት ኣብ ልሙድ ሕርሻዊ ስርሓት ዘይዕንቀፈሉ ወቕቲ ክግበር ኣለዎ።

### ዓንቀጽ186. መሬት ዓዲ ብማዕረ ከም ዝደላደል

1. ዝሕረስ መሬት ናይታ ዓዲ ኣብ መንጎቶም ሙሉእ ግብሪ ወይ ፍርቂ ግብሪ ይግብኦም ኢዩ ዝበሃሉ ደቂ—ዓዲ ብማዕረ ይደላደል።
2. ኣብ ሞንጎ ምሉእ ግብሪ ወይ ፍርቂ ግብሪ ይግብኦም ኢዩ ዝበሃሉ ደቂ—ዓዲ፡ ብዓሌት፡ ብጾታ፡ ብሃይማኖት ዝግበር ፍልልይ የለን።
3. ይኹን እምበር ምዕቡል ኣገባብ ሕርሻ ኣብ ዝህልወሉ ቦታ ታት/ ንኣብነት ፍሬታት፡ ጀራዲን፡ . . .ወዘተ/፡ እቲ መሬት ንግዚኡ ብማዕረ ከይደላደል ይኽእል።

### ዓንቀጽ 187. ብዛዕባ ስቡሑን ረቂቕን መሬት

መሬት ኣብ ዝደላደለሉ እዋን፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ነፍሲ ወከፍ ወዲ ዓዲ ካብ ስቡሑን ረቂቕን መሬት ማዕረ ከምዝበጽሖ ክግበር ኣለዎ።

### ዓንቀጽ 188. መሬት ኣብ ሓደ ከባቢ ምድልዳል

መሬት ኣብ ተደላድለሉ እዋን፡ ዓዳሊት ሽማግለ፡ ንመሳርሒ ማእቶቶም ብሓባር ክጥቀምሉ ዝደልዩ ጉጅለታት ኣብ ሓደ ከባቢ ክትዕድሎም ትኽእል።

ዓንቀጽ 189. ምዕቃብ መሬት ንመጻኢ

ኣብ ግዜ ምድልዳል፡ እታ ዓዲሊት ሽማግለ፡ ኣኻሊ ዝሕ ረስ መሬት ኣብ ዝህልወሉ ዓድታት፡ ንኣብ መጻኢ ዝበጽሑ ደቂ ዓዲ ዝኸውን መሬት ክትዕቅብ ኣለዋ።

ዓንቀጽ 190. ጸብጻብ ናይ ዓዳሊት ሽማግለ

1. ዓዳሊት ሽማግለ ንደቂ ዓዲ መሬት ምስ ዓደለት ስራሓ የብ ቅዕ፡ ጸብጻብ ናይ ስራሕ ድማ ኣብ ህዝባዊ ባይቶ ተቕርብ።
2. ኣብ ዳግመ ምድልዳል ሓዳስ ዓዳሊት ሽማግለ ትቐውም።
3. ሓዳሽ ዓዳሊት ሽማግለ ክሳብ ትቐውም ንምድልዳል መሬት ዝምልከት ጉዳያት ብህዝባዊ ባይቶ ይካየድ።

ዓንቀጽ 191. ዳግመ ምድልዳል ናይ ዓዲ መሬት

1. መሬት ዘይብሎም ዝበጽሑ ሓደሽቲ ወለዶ ኣብ ዝህልዉሉ እዋንን ዝተዓቀበ መሬት ኣብ ዘይህልወሉ እዋንን ህዝባዊ ባይቶ ዳግመ ምድልዳል መሬት ወይ ዋሬዳ ከምዝካየድ ይገ ብር።
2. ህዝባዊ ባይቶ፡ ቅድሚ ምድልዳል ወይ ዳግመ—ምድልዳል ንተራድኣታት፡ ማለት ብዓዲ ብሓባር ዝሕረስ መሬት ዘገል ግል መሬት ክንኪ ይኽእል። ተራድኣታት ሕጋዊ ሰብነት ተዋሂብወን ኣብ ልዕሊ እቲ መሬት ናይ ተጠቃምነት መሰል ክህልወን ይኽእል።

ዓንቀጽ 192. ሙሉእ ግብረ ዝግብኦም ደቂ ዓዲ

እዞም ዝስዕቡ ኤርትራውያን ዜጋታት ብማዕርነት ምሉእ ግብረ ይዕደሉ:—

ሀ/ ኣብቲ ዓዲ ኣጢሶም ብቐዋምነት እና ሓረሱ ዝነበሩ ሰብ ሓዳር፡
ለ/ ሓደሽቲ ዝተመርዓው ደቂ ዓዲ፡
ሐ/ ቆልዑ ዘለውዎም ሰብኣያ ዝሞታ ሰበይቲ ወይ ሰበይቱ ዝሞ ተቶ ሰብኣይ፡
መ/ ኣብ ዓዲ ዝቐመጡ ስድራ ተጋዳላይ/ ሰበይቱን ደቁን ወይ ሰብ ኣያን ደቃን/፡
ሰ/ ኣቦኦምን ኣዲኦምን ዝሞትዎም ቆልዑ፡
ረ/ ኣብ ማእከል ዓዲ ዝቐመጡ ከም ድኳን፡ እንዳ - ሻሂ፡ እንዳ ጣሓኒት እንዳ - ሰፋይት . . . ወዘተ ዝኣመሰሉ ናይ ንግድን

ኢደ—ጥበባዊ ስራሓትን ዘካይዱ ሰባት ወይ ሽቃሎ ቁጠባዊ ኩነታቶም ብምጽናዕ፡
ቀ/ ኣብ ከተማታት ኤርትራ ወይ ናይ ወጻኢ ሃገራት ከተማታት እናሰርሑ ዝነብሩ ስድርኦም ኣብ ዓዲ ዝነበሩ፤

ዓንቀጽ 193. ፍርቂ ግብሪ ዝግብኦም ደቂ—ዓዲ

እዞም ዝኽተሉ ብማዕርነት ፍርቂ ግብሪ ይዕደሉ፡—
ሀ/ ሰብኣያ ዝሞታ ውላድ ዘይብላ ሰበይቲ ወይ ሰበይቱ ዝሞተቶ ውላድ ዘይብሉ ሰብኣይ፤
ለ/ ናይ መንእሰይ ዕድመኡ ዘሕለፈ ዘይተመርዓወ ወዲ ተባዕታይ ወይ ናይ መንእሰይ ዕድመኣ ዘሕለፈት ዘይተመርዓወት ጓል ኣንስተይቲ፡—
ሐ/ ደቂ ዘይብላ ዝተፈትሐት ወይ ሰብኣያ ዝሞታ ሰበይቲ፡ ኣብ ዝደለየቶ ኣብ ዓዲ ሰብኣያ ይኹን ኣብ ዓዲ ወለዳ፤
መ/ ካብ ዓዲ ወጻኢ ግን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝቕመጡ፡ ቅድሚ ሕጂ መሬት ተዓዲሎም ዝነበሩ፡ ኣብቲ ዝግበር ዋሬዳ ተረኺቦም ሃለዋቶም ምስ ተረጋገጸን ቁጠባዊ ኩነታቶም ምስ ተጸንዐን፤
ሰ/ ስንኩላትን ጽጉማትን ዕድመኦምን ኩነታቶምን ብምጽናዕ፡

ዓንቀጽ 194. ብዛዕባ ዝተፋትሑ

1. ዝተፋትሑ ሰብኣይን ሰበይትን ኪልቲኦም ኣብቲ ዝነብርዎ ዓዲ እንተ ድኣ ዝነብሩ ኮይኖም እቲ መሬት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ብማዕረ ይምቀል።
2. ኢቶም ቆልዑ ብሓደ ካብ ክልቲኦም ንክዓብዩ እንተድኣ ተወሲኑ፡ እቲ ንቆልዑ ዘዕቢ ወገን ምሉእ ግብሪ ይወሃቦ።
3. እታ ሰበይቲ ኣብ ዓዲ ወለዳ ምስ ትኸይድ ኣብ ዓዲ ኣቦኣ ፍርቂ ግብሪ ይወሃባ። እቲ ኣብ ዓዲ ምስ ደቁ ዝተረፈ ሰብኣይ ድማ ነቲ ሙሉእ ግብሪ ናይታ ስድራ ይጥቀመሉ።

ዓንቀጽ 195. ናይ መሬት መዝገብን ምስክር ወረቐትን

1. ህዝባዊ ባይቶ ጽፉፍ መዝገብ ናይ መሬት ክሕዝ ኣለዎ።
2. እቲ መዝገብ ስፍሓትን ዶባትን ናይ ዝሕረስን ዘይሕረስን መሬት፡ ስም ናይ ነፍሲ ወከፍ መሬት ዝተዓደለ ሰብ ስፍሓትን ዶብን ናይቲ ዝተዓደለ መሬት፡ ዝተዓደለሉ ዕለት ክሕዝ ኣለዎ።

3. ህዝባዊ ባይቶ ንንፍሲ ወከፍ መሬት ዝተዓደለ ሰብ መሬት ከምዝተዓደለ፡ ዝተዓደለሉ ዕለት፡ ስፍሓትን ዶባትን ናይቲ ዝተዓደሎ መሬት ዝገልጽ ምስክር ወረቐት ክህብ ይኽእል ።

ሐ/ መሰልን ግቡእን ናይ መሬት ዝተዓደሉ ደቂ—ዓዲ

ዓንቀጽ 196. ናይ ተጠቃምነት መሰል ኣብ ልዕሊ ዝተዓደለ መሬት

እቶም ብዓዳሊት ሽማግለ መሬት ዝዕደሉ ደቂ—ዓዲ ኣብ ልዕሊ እቲ መሬት ናይ ተጠቃምነት መሰል ኣለዎም ። ናይ ተጠቃ ምነት መሰል እቲ ኣብ ዓንቀጽ 171ን ኣብዚ ዝስዕብ ዓንቀጻት ዝጥቀስ መሰላትን ግቡኣትን ዘጠቓልል'ዩ ።

ዓንቀጽ 197. ናይ ምሕጻር መሰል

እቲ ተጠቃሚ ነቲ ዝተዓደሎ መሬት ናይ ምሕጻር መሰል ኣለዎ ።

ዓንቀጽ 198. ናይ ምድራት መሰል

1. እቲ ተጠቃሚ ንመሬቱ ደረት ክገብረሉ መሰል ኣለዎ ።
2. ደረት ናይ ተጠቀምቲ ጐረባብቲ ንጹር ኣብ ዘይኮነሉ እዋን እሞ ሐደ ካብቶም ጎረባብቲ ነቲ ካልእ ጎረቤት ነቲ ደረቱ ንምንጻር ሓገዝ ኣብ ዝሓተሉ እዋን፡ እቲ ካልእ ጎረቤት ሓገዝ ናይ ምውፋይ ግዴታ ኣለዎ ።

ዓንቀጽ 199. ብዛዕባ ደረት ሰጊርም ዝበቖሉ ጨናፍርን ሰራውርን

እቲ ተጠቃሚ ንደረት ሓሊፎም ካብ ናይ ጎረባብቲ መሬት ናብ መሬቱ ዝዝርግሑ ጨናፍርን ሰራውርን ናይ ምቑራጽ መሰል ኣለዎ ።

ዓንቀጽ 200. ንዝተዓደለካ መሬት ምክልኻል

1. እቲ ተጠቃሚ ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝተዓደሎ መሬት ንኸ ይኣቱ ክከላኸል ይኽእል ።
2. እታ ሓንቲ ሰባት ካብ ሓደጋ ክወጽኡላ ዝኽእሉ መገዲ ናብ መሬት ናይቲ ተጠቃሚ ተ ምእታው እንድሕሪ ኰይኑ፡ እቲ ተጠቃሚ ንኽሕልፎም ግዴታ ኣለዎ ። እቲ ተጠቃሚ ነቲ ብሰንኪ ምእታው ናይ ካልኦት ሰባት ዝበጽሖ ጉድኣት ካሕሳ ክሓተሉ ይኽእል ።
3. ሓጺር ንምስራሕ ወይ ገዛ ንምጽጋን ብናይ ጎረቤትካ መሬት ምሕላፍ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን እቲ ተጠቃሚ

ነቲ ሓጼር ክሰርሕ ወይ ገዛ ክጽግን ዝደለየ ሰብ ክሕልፎ ግዴታ ኣለዎ ። እቲ ተጠቃሚ ብሰንኪ እዚ ምእታው ናብ መሬቱ ጉድኣት እንድሕሪ ኣጋጢምዎ ካሕሳ ክሓትት ይኽእል ።

4. ብድንገት ወይ ብሰንኪ ባህርያዊ ሓይሊ ናይ ሓደ ሰብ ንብረት ወይ እንስሳ ናብቲ ናይቲ ተጠቃሚ መሬት እንተድኣ ኣትዩ፡ እቲ ተጠቃሚ ነቲ በዓል ንብረት ወይ እንስሳ ኣትዩ ንንብረቱ ወይ እንስሱ ክወስድ ክፈቕደሉ ኣለዎ ። እቲ ተጠቃሚ ነቲ ብሰንኪ እንስሳ ወይ ንብረት ናብ መሬቱ ብምእታው ዝወረደ ጉድኣት ካሕሳ ክሓትት ይኽእል ።

5. እቲ ተጠቃሚ ንናይ ሓባር ጥቕሚ ዝውዕሉ ከም ናይ ማይ ቡንባ፡ ናይ ጋዝ ወይ ናይ ኤሌክትሪክ መተሓላለፊ ዝኣመሰሉ ኣብ መሬቱ ንክዝርግሑ ክፍቅድ ኣለዎ ። ብሰንኪ'ዚ ዝወረዶ ጉድኣት ከኣ ካብቲ ዝምልከቶ ኣካል ካሕሳ ክሓትት ይኽእል ።

ዓንቀጽ 201. ናይ ተጠቃምነት መሰል ምትሕልላፍ መሰል ከምዘይህብ

ናይ ተጠቃምነት መሰል ነቲ ተጠቃሚ ነቲ ንክሓርሶ ዝተዓደሎ መሬት ብመልክዕ መሸጣ ወይ ውርሻ ወይ ህያብ ናብ ካልእት ሰባት ክመሓላለፎ መሰል ኣይህቦን ።

ዓንቀጽ 202. ናይ ተጠቃምነት ግዜ፡

እቲ መሬት ዳግመ-ምድልዳል ተገይሩ ንኻልእ ሰብ ክሳብ ዝዕደል ነቲ ተጠቃሚ በቲ መሬት ናይ ምጥቃም መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ ።

ዓንቀጽ 203 ካሕሳ ንኣብቲ መሬት ዝተገብረ ምምሕያሽ

1. እቲ ተጠቃሚ እንተድኣ ኣብ ልዕሊ እቲ መሬት ከም ኣትክልቲ ወይ ፍሬታት ወይ ኣግራብ ብምትካል ወይ ከም መስኖ ዝኣመሰሉ ነገራት ብምእትታው ነቲ መሬት ኣመሓይሽዎ፡ ኣብ ዳግመ-ምድልዳል እቲ ሓዲሽ ተጠቃሚ ነቲ ናይ ቅድም ተጠቃሚ ግቡእ ዋጋ ናይ'ቲ ዝተገብረ ምምሕያሽ ክኸፍል ኣለዎ ።

2. እቲ ሓዲሽ ተጠቃሚ ነቲ ናይ ምምሕያሽ ዋጋ ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዘይብሉ እንድሕሪ ኰይኑ፡ ዋጋ ናይ'ቲ ዝተገብረ ምም

ሕያሽ በታ ዓዲ ይኸፈሎ ። እታ ዓዲ ነቲ ዝኸፈለቶ ዋጋ በብ ቁሩብ ኣብ ነዊሕ እዋን ካብ እቶት ናይ'ቲ ሓዲሽ ተጠቃሚ ናይ ምእካብ መሰላ ዝተሓለወ ይኸውን ።

## ዓንቀጽ 204. ናይ ተጠቃምነት መሰል ኣብ ክልተ ዓዲ ከምዘይፍቀድ

ሓደ ሰብ ኣብ ክልተ ዓዲ መሬት ክዕደልን ናይ ተጠቃምነት መሰል ክህልዎን ኣይክእልን ። ይኹን'ምበር ፡ ነታ ዝነበረላ ዓዲ ኣብ ዝተረሓሓቑ ቦታታት / ንኣብነት ኣብ ቆላን ከበሳን / መሬት እንተ ሃልይዎ እቲ ተጠቃሚ ብኣብ ክልቲኡ ቦታታት ዝርከብ መሬት ክጥ ቀም ይኽእል ኢዩ ።

## ዓንቀጽ 205. ተጠቃሚ ንመሬቱ ብብላዕ ክህብ ከም ዝኽእል

1. ተጠቃሚ ነቲ ዝተዓደሎ መሬት ብምልኡ ወይ ብኽፊል ንጉ ልበት ጥራይ ወይ ንኣብዑር ጥራይ ወይ ንጉልበትን ኣብዑርን ዘለዎም ሰበት ብብላዕ ክህብ ይኽእል ።
2. ብዓል ብላዕ ጉልበት ጥራይ ወይ ኣብዑር ጥራይ እንድሕሪ ኣወ ፍዩ ካብ ርብዒ ናይ'ቲ እቶት ንላዕሊ ክወስድ የብሉን ። በዓል ብላዕ ጉልበትን ኣብዑርን ኣብ ዘወፍየሉ ድማ ካብ ፍርቂ ንላ ዕሊ ናይ'ቲ እቶት ክወስድ የብሉን ።
3. በዓል ብላዕ ወይ በዓልቲ ቤቱ ንበዓል ብላዕ ኣብ ገዛ ናይ'ቲ ተጠቃሚ /በዓል መሬት/ ወይ ኣብ ካልእ መሬት ፡ ናይ'ቲ ተጠ ቃሚ ጉልበታዊ ኣገልግሎት ንክህቡ ምስምማዕ ክልኩል ኢዩ ።
4. ናይ ብላዕ ውዕል ክሳብ እቲ ተጠቃሚን በዓል ብላዕን ዝተሰማ ምዕሉ ግዜ ዝጸንዕ ይኸውን ። ኣብ ዳግመ ምድልዳል ግን ፡ ዋላ እቲ ናይ ውዕል ግዜ ኣይምላእ ፡ እቲ በዓል ብላዕ ነቲ መሬት ናብ'ቲ ተጠቃሚ ናይ ምምላስ ግዴታ ኣለዎ ።

## ዓንቀጽ 206. ተጠቃሚ ንመሬቱ ከካሪ ከም ዝኽእል

1. ተጠቃሚ ንመሬቱ ብሙሉኡ ወይ ብኽፊል ንካልኦት ዝሓ ርሱ ሰባት ንዝተወሰነ ግዜ ብገንዘብ ናይ ምክራይ መሰል ኣለዎ። ክራይ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ክኸውን የብሉን ።
2. እቲ ብተኻራያይ ንተጠቃሚ ዝኽፈል ገንዘብ ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ካብ ዋጋ ናይ ፍርቂ ካብቲ መሬት ክርከብ ዝኽእል እቶት ክት ሕት የብሉን ።

ዓንቀጽ 207. ብተጠቃሚ ብትሕጃ ዝወሃብ መሬት

1. ተጠቃሚ ነቲ ዝተዓደሎ መሬት ብሙሉኡ ወይ ብኽፊል ንኻልኦት ሰባት ብትሕጃ ብምሃብ ገንዘብ ወይ ካልእ ንብረት ክልቃሕ ይኽእል ። እቲ ዝልቅሖ ገንዘብ ወይ ንብረት ግን ምስ ወለዱ ካብ ፍርቂ እቲ መሬት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክህቦ ዝኽእል ፍረ ንላዕሊ ክኸውን የብሉን ።
2. እቲ ብትሕጃ ነቲ መሬት ዝተቐበለ ኣለቃሒ ክሳብ ገንዘቡ ወይ ንብረቱ ዝምለሰሉ እዋን በቲ መሬት ክጥቀም ይኽእል ። ይኹን 'ምበር በቲ መሬት ንክልተ ዓመት ዝኣክል ድሕሪ ምጥቃም ናብ ተጠቃሚ ክመልሶ ግዴታ ኣለዎ ። ኣለቃሒ እቲ መሬት ኣብ ዘረከበሉ እዋን ነቲ ዘለቅሖ ገንዘብ ናይ ምሕታት መሰል የብሉን ።

## መ/ ገዛውቲ ኣብ ናይ ገጠር መሬት

ዓንቀጽ 208. ኣተዓዳድላ ናይ ገዛ መሬት ፡

1. ህዝባዊ ባይቶ ነቲ ብዓንቀጽ 184 መሰረት ንገዛውቲ ኢሉ ዝፈልዮ መሬት ብዝተኻኣለ መጠን ኣብ ሓደ ከባቢ ወይ ቦታ ከምዝኸውን ክገብር ኣለዎ ።
2. ንገዛ ዝኸውን መሬት ኣብ መንጎ ሙሉእ ግብሪ ዘለዎም ደቂ ዓዲን ገዛ ዘይብሎም ሰብ ፍርቂ ግብሪን ብማዕረ ይዕደል ።

ዓንቀጽ 209. ናይ በዓል ገዛ ናይ ተጠቃምነት መሰል ፡

1. ናይ ገዛ መሬት ዝተዓደሎ ሰብ ኣብ ልዕሊ እቲ መሬት ምስ'ቲ ናይ ዓዲ ልምዲ ብዘይገራጮ ኣገባብ ገዛውቲ ናይ ምስራሕ ፡ እንስሳ ዘቤት ናይ ምፍራይ ፡ ናይ ምክራይ ፡ ከም ኩሉ በዓል እጀታ ካብ ዝኾነ ዘይበዓል መሰል ናይ ምክልኻል መሰል ኣለዎ።
2. ናይ ገዛ መሬት ዝተዓደሎ ሰብ ፡ ኣብቲ መሬት ገዛ ምስ ሰርሐ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ገዛ ንመዋእሉ ናይ ተጠቃምነት መሰል ይህልዎ ።

ዓንቀጽ 210. ገዛ ክሸየጥ ከምዘይክእል

ተጠቃሚ ንገዝኡ ክሸጦ ኣይክእልን ።

ዓንቀጽ 211. ምውራስ ናይ ገዛ

1. ተጠቃሚ ንገዝኡ ብናይ ውርሻ ዓንቀጻት መሰረት ንኣዝማድ ከውርስ ይኽእል ።

2. ተጠቃሚ ወረስቲ ዘይብሉ እንድሕሪ ኰይኑ ፡ እቲ ገዛ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ህዝባዊ ባይቶ ይኣቱ ።

ዓንቀጽ 212. መሰል ናይ ጎረባብቲ ምሕላው

ተጠቃሚ ናይ ሓደ ገዛ ንጎረባብቱ ካብ መጠን ንላዕሊ ትኪ ብምውጻእ ወይ ነቲ ከባቢ ብናይ ትኪ ጸለሎ ብምብልሻው ፡ ወይ ክጽወር ዘይክእል ሕማቕ ሽታ ብምፍጣር ፡ ወይ ክጽወር ዘይክእል ጫውጫውታ ወይ ዘናውጽ ረብሻ ብምፍጣር ሰላም ክኸልእ የብሉን ። እቶም ጎረባብቲ ከምዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ኣብ ዘጋጥሞም ነቲ በደለኛ ጎረቤት ክሲሶም ነዚ ሰላም ዝኸልእ ተግባራት ከም ዘቋርጽ ክገብሩ ይኽእሉ ።

ዓንቀጽ 213. ብናይ ሓባር መንደቕ ዝተሰርሑ ናይ ጎረባብቲ ገዛውቲ፡

1. ክልተ ጎረባብቲ ወይ ኣዝማድ ናይ ሓባር መንደቕ ዘለዎ ገዛ ውቲ እንተድኣ ሰሪሖም ፡ ሓደ ካብ ክልቲኦም ፡ ብዘይፍቓድ ናይ'ቲ ሓደ ነቲ ናይ ሓባር መንደቕ ከፍርሶ ፡ ክንውሖ ወይ ከሕጽሮ ፡ ኣብ ልዕሊኡ ካልእ ህንጻ ክጸግዓሉ ወይ ክንክሎ ኣይክእልን ።

2. እቲ ናይ ሓባር መንደቕ እንተዘይፈረሱ ወይ ዓንዩ ፡ ዋላ ሓደ ካብኣቶም እንተዘይፈቐዶ ፡ እቲ ክሰርሖ ዝደሊ ወገን ነቲ መን ደቕ መሊሱ ናይ ምስራሕ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ ።

3. ዋላ'ኳ እቲ መንደቕ ኣብ ልዕሊ መሬት ናይ'ቲ ንምስርሑ ዝኣ በዩ ጎረቤት ይሰራሕ ፡ እቲ መንደቕ ከም ናይ'ቲ ነቲ መንደቕ እንደገና ዝሰርሖ ሰብ ኢዩ ዝውሰድ ።
4. እቲ ነቲ ናይ ሓባር መንደቕ እንደገና ንምስርሑ ኣብዩ ዝነበረ ጎረቤት ኣብ ዝኾነ ግዜ ፡ ፍርቂ ናይ'ቲ ነቲ መንደቕ ንም ስራሕ ዝወጸእ ወጻኢ ብምኽፋል ፡ ናይ ሓባር ተጠቃሚ ናይቲ መንደቕ ክኸውን ይኽእል ።

ዓንቀጽ 214. ምዝገባን ምስክር ወረቐትን ናይ ገዛ

ኣብ ዓንቀጽ 195. ዝተጠቕሰ ንምዝገባን ምስክር ወረቐትን ዝምልከት ኣብ ልዕሊ ናይ ገዛ መሬት ወይ ገዛ እውን ተፈጻምነት ኣለዎ ።

— ደድሕሪ ዓንቀጽ 214 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዓንቀጽ 343 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብኸምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ፡—

« ዓንቀጽ 343 - ተፈጻምነት ዓንቀጻት 182-214 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ

አብ ህዝባዊ ባይቶ ዘይቆመለን ወይ አብ ግብሪ ምውዓሉ ዘጸግም ቦታ

ሓደ ዓዲ ህዝባዊ ባይቶ ዘይቆመሉ ወይ ህዝባዊ ባይቶ ቆይሙ ክነሱ ነዚ ሕጊ እዚ / ዓንቀጻት 182-214 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ / አብ ግብሪ ንምውዓል ዘጸግም አብ ዝኾነሉ እዋን ፡ ህዝባዊ ባይቶ ክሳብ ዝቐውም ወይ ነዚ ሕጊ'ዚ አብ ግብሪ ንምውዓል ምቹእ ሃዋ ህው ክሳብ ዝፍጠር ፡ እቲ ቅድሚ ህ.ግ.ሓ.ኤ አብ'ቲ ዓዲ ወይ ከባቢ ዝነበረ ሕጊ ይሰርሓሉ ።"

— ዓንቀጻት 1325-1346 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።
— ዓንቀጻት 1347-1352 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።
— ዓንቀጻት 1353-1358 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።

ምዕራፍ 3 ፡ ብዛዕባ አገልግሎት ንብረት

— ዓንቀጻት 1359-1385 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።

ምዕራፍ 4 ፡ ብቐዳምነት ናይ ምግዛእ መሰል

— ዓንቀጻት 1386-1409 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።

ምዕራፍ 5 ፡ ገደባት አብ ልዕሊ ብገለገለ ንብረት ከምድላይካ ናይ ምእዛዝ መሰል

— ዓንቀጻት 1410-1443 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።

አርእስቲ 9 ፡ ብንብረት ብሓባር ምጥቃም

ምዕራፍ 1 ናይ መንግስቲ ንብረትን / ናይ ህዝቢ አገልግሎት ንብረት/ ብዛዕባ ንብረት ንአገልግሎት ህዝቢ ከምዝልቀቕ ምግባርን

— ዓንቀጻት 1444-1488 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይሰርሓሎም ።

ምዕራፍ 2 ፡ ብዛዕባ ናይ ሕብረት ናይ ሕርሻ መሬት

— ዓንቀጻት 1489-1500 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ንጹ.ጋት ይኾኑ ።

ምዕራፍ 3 ፡ ብዛዕባ ብመንግስቲ ብወግዒ ዝፍለጥ ማሕበር ወንንቲ መሬት

— ዓንቀጻት 1501-1534 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ንጹ.ጋት ይኾኑ ።

ምዕራፍ 4 ፡ ኣብ ውሽጢ ክሊ ከተማ ዝኾነ ቦታታት

— ዓንቀጻት 1535 - 1552 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣርእስቲ 10 ፡ መዛግብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት

— ዓንቀጻት 1553 - 1646 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ውንዙፋት ኮይኖም ኣብ ክንድኦም ዓንቀጻት 3363 - 3367 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

ኣርእስቲ 11 ፡ ዋንነት ጽሑፋዊን ስነጥበባዊን ስርሓት

— ዓንቀጻት 1647 - 1674 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

4ይ መጽሓፍ ፡ ግዴታታት

ኣርእስቲ 12 ፡ ውዕላት ብሓፈሻ

— ዓንቀጻት 1675 - 2026 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ብኻልእ እንተዘይተቐይሩ ከም ሕጋዊ ባጤራ ዘገልግል ናይ ኢ.ትዮ.ጵያ ባጤራ ይኸውን ።

ኣርእስቲ 13 ፡ ካብ ውዕል ወጻኢ ብዛዕባ ዝስዕብ ተሓታትነትን ዘይ ግቡእ ረብሓን

ምዕራፍ 1 ፡ ካብ ውዕል ወጻኢ ብዛዕባ ዝስዕብ ተሓታትነት

— ዓንቀጻት 2027 - 2037 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

— ብጀ.ካ ዓንቀጽ 2039 (ሐ) ዓንቀጻት 2038 - 2065 ሲ.ቪ.ላዊ ሕጊ. ኢ.ትዮ.ጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ

2039 (ሐ) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ።

— ዓንቀጻት 2066 - 2089 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

— ዓንቀጻት 2090 - 2123 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

— ዓንቀጽ 2124 " ኣላፊ የሚሆን አባት ነው " ዝብል ሓረግ " ሓላፊ ዝኾኑ ወለዲ ኢዮም " ብዝብል ሓረግ ተተኪኡ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓል ።

— ዓንቀጽ 2125 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ብኽምዚ ዝስዕብ ተመሓይሹ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓል ።

ዓንቀጽ 2125 ኣብ ክንዲ ወለዲ ተሓተቲ ዝኾኑ ሰባት

እዞም ዝስዕቡ ሰባት ዘይበጽሐ ሰብ ብዝፍጽሞ ጉድኣት ዘስዕብ ተግባር ኣብ ክንዲ ወለዲ ተሓተቲ ይኾኑ ፡

ሀ- እቲ ቆልዓ ካብ ስድርኡ ወጻኢ ዝነብር እንተኾይኑ ፡ ንዕኡ ብሓላፍነት ዘናብሮ ሰብ ፡

ለ- እቲ ቆልዓ ተመሃራይ ወይ ተልመደን ሰራሕተኛ እንተኔሩ ኣመሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ሞያ መምህሩ ፡

ሐ- ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዓንቀጻት እቲ ዘይበጽሐ ሰብ ብዝፈጸሞ ጉድኣት ካሕሳ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት እንተልይዎ ፡ ኣሰራሒኡ ፡"

— ዓንቀጻት 2126 - 2136 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ

ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ። ደድሕሪ ዓንቀጽ 2133 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ግን ዓንቀጽ 308 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብኽምዚ ዝስዕብ ተማሓይሹ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓል ፡-

ዓንቀጽ 308 ፡ ተሓታትነት ውድብ ህግሓኤ

ሓደ ተጋዳላይ ህግሓኤ ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ወይ ንብረት ጉድኣት እንተውሪዱ ውድብ ህግሓኤ ተሓታቲ ይኸውን ።

— ዓንቀጽ 2137 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ።

— ዓንቀጻት 2138 - 2161 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

ምዕራፍ 2 ፡ ዘይግቡእ ረብሓ

— ዓንቀጻት 2162 - 2178 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሉም ።

አርእስቲ 14 ፡ ውክልና

— ዓንቀጻት 2179 - 2265 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

5ይ መጽሓፍ ፡ ብዛዕባ ፍሉያት ውዕላት

— ዓንቀጻት 2266 - 2511 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሑሎም ።

አርእስቲ 16 ፡ ንምሃብ አገልግሎት ስራሕ ዝምልከቱ ውዕላት

— ዓንቀጽ 2512 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።
— ዓንቀጻት 2513 - 2600 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።
— ዓንቀጻት 2601 - 2697 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

አርእስቲ 17 ፡ ንምዕቃብን አጠቓቕማን አተሓሕዛን ንብረት ዝምልከቱ ውዕላት

— ዓንቀጻት 2698 - 2874 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

አርእስቲ 18 ፡ ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዛዕባ ዝምልከቱ ውዕላት

— ብጀካ ዓንቀጽ 2883 ዓንቀጻት 2875 - 2895 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 2283 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ “ ወለድ አግድ ” ዝብል ቃል ተሰሪዙ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ።
— ብጀካ ዓንቀጻት 2977 ፡ 2980 ፡ 2981 ፡ 2984 ፡ 2985 ፡ 2991 ዓንቀጻት 2896 - 3018 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጽ 2977 (1) ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለዎ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጻት 2977 (2)ን (3)ን ንጹጋት ይኾኑ ። ዓንቀጻት 2980 ፡ 2981 ፡ 2984 ፡ 2985 ፡ 2991 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።
— ዓንቀጻት 3019 - 3040 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

— አርእስቲ ምዕራፍ 4 "ወለድ ኣግድ" ዝብል ቃል ተሰሪዙ ቅቡል ኮይኑ ይስርሓሉ ። ዓንቀጻት 3041 - 3116 ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

— ዓንቀጻት 3117 - 3130 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹግ ይኸውን ።

**አርእስቲ 19 ፡ ናይ ምምሕዳር ኣብያተ ጽሕፈት ( ኣድሚኒስትረሽንስ ) ዝገብርዎም ውዕላት**

— ዓንቀጻት 3131 - 3306 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**አርእስቲ 20 ፡ ብዛዕባ ዕርቅን ናይ ሽምግልና ስምምዕን**

— ዓንቀጻት 3307 - 3346 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**6ይ መጽሓፍ**

**አርእስቲ 21 ፡ ኣብ መንጎ ናይ ቀደም ሕጊን እዚ ሕጊ'ዚን ዘሎ ርክብ ።**

— ዓንቀጻት 3347 - 3357 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**አርእስቲ 22 ፡ ናይ መሰጋገሪ ሕጊ**

— ዓንቀጻት 3362 ፡ 3363 3364 ፡ 3365 3366 ፡ 3367 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጻት 3358 - 3361 ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ንጹጋት ይኾኑ ።

**ብረት ንዝዓጠቑ ተጋደልቲ ህግሓኤ ዝምልከት ሕጊ ስድራ**

— ብጀካ ዓንቀጻት 86 ፡ 87 እቶም ብረት ንዝዓጠቑ ተጋደልቲ ዝምልከቱ ዓንቀጻት 76 - 92 2ይ ንኡስ ክፋል ሕጊ ስድራ ሲቪላዊ ሕጊ ህግሓኤ ከምዘለውዎ ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ። ዓንቀጻት 86 ፡ 87 ሲቪላዊ ሕጊ ህግሓኤ ከአ ብኽምዚ ዝስዕብ ተመሓይሾም ቅቡላት ኮይኖም ይስርሓሎም ።

**"ዓንቀጽ 86 ፡ ፍትሕ ንዝጠልቡ ንምትዕራቕ ክግበር ዘለዎ ጻዕሪ**

1. ክልተ ተጋደልቲ ሰብ ሓዳር ወይ ሓዲኦም ክፋታሕ ምስ ዝደሊ ንማእከልነት ኣሃዱ የፍልጥ ።
2. ማእከልነት ኣሃዱ ክተዓርቐም ይፍትን ፡ ምስ ዘይቅበልዎ ንክ ሓስብሉ ናይ ሓደ ወርሒ ግዜ ይህቦም ።

3. ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ግዜ ምትዕራቕ ምስ ዝኣብዩ፣ ማእከል ነት ነቲ ጉዳይ ናብ ማሕበራዊ ጉዳይ ህ.ግ.ሓ.ኤ የመሓላልፎ።

«ዓንቀጽ 87 ፍትሕ ብማሕበራዊ ጉዳይ ከምዝኸውን

1. ማሕበራዊ ጉዳይ ክሲ ምስ ቀረበሉ ንክልተ ሰብ ሓዳር ከተ ዓርቖም ይፍትን።
2. ማሕበራዊ ጉዳይ ዕርቂ ፈቲኑ ምስ ዘይዕወት ኣብ ውሽጢ ሰለ ስተ ወርሒ ናይ ፍትሕ ምስክር ወረቐት ይህብ።»

— ኣብ መንጎ ተጋደልትን ሲቪልን ብዛዕባ ዝግበር መርዓን ንመነ ባብሮኦም ዝምልከት ጉዳያትን ከምዘለውዎ ቅቡላት ኰይኖም ዝስርሓሎም ዓንቀጻት 89፣ 90 ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኢዮም። ትሕዝቶኦም ከኣ እዚ ዝስዕብ ኢዩ፣—

« ዓንቀጽ 89 ኣብ መንጎ ተጋደልትን ሲቪልን ዝግበር መርዓ

ኣብ መንጎ ብረት ዝዓጠቐ ተጋዳላይን ሲቪልን፣ ወይ ኣብ መንጎ ሓደ ሲቪልን ብረት ዝዓጠቐት ተጋዳሊትን ዝግበር ናይ መርዓ ውዕል ከከም ኩነታቱ ብመገዲ ማሕበራዊ ጉዳይ ህ.ግ.ሓ.ኤ ወይ ህዝባዊ ባይቶ ይፍጸም።

ዓንቀጽ 90፣ ንመነባብሮን ንብረትን ዝምልከት ጉዳያት

1. ምስ ብረት ዝዓጠቐ ተጋደልቲ ዝተመረዓዓዉ ሲቪል ሰብ ሓዳር፣ ንመነባብሮኦም፣ ንብረትን ኣዋንንኡን፣ ደቆም ናይ ምንባይ ሓላ ፍነት፣ሞግዚትነት፣ ኣብ ግዜ ፍትሕ ዝለዓሉ ናይ ቆልዑን ንብ ረትን ሕቶታት ብዝምልከት፣ በቲ ንሲቪላዊ ህዝቢ ዝምልከትን ቅቡል ኰይኑ ይስርሓሉ ዝተባህለ ዓንቀጻት ሲቪላዊ ሕጊ ኢት ዮጵያን፣ ሲቪላዊ ሕጊ ህ.ግ.ሓ.ኤን ይኽየዱ።
2. ብዛዕባ እዞም ሕቶታት እዚኣቶም ክርክር ምስ ዝለዓል፣ ሲቪ ላዊ ቤት ፍርዲ ጥራይ ኢዩ ውሳኔ ናይ ምሃብ ስልጣን ዘለዎ።»

እዚ ናይ መሰጋገሪ ሕጊ'ዚ ምስ ካልኦት መግዛእታዊ ሕግታት ዘለዎ ዝምድና

ዝኾነ ነዚ ንመሰጋገሪ እዋን ክስርሓሉ ተኣዊጁ ዘሎ ሲቪላዊ ሕጊ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ዝጻረር መግዛእታዊ ሕጊ ንጹግ ኰይኑ፣ ዝኾነ ነዚ ሕጊ'ዚን ንፖሊሲታት ህ.ግ.ሓ.ኤን ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን ዘይጻረርን ዘሳኒን ንምትግባሩ ዘገልግልን ከም ናይ ድንነት ገንዘብ ኣከፋፍላን ናይ ቴምብር ቀረጽን ናይ ውዕላትን ትሕጃን ምዝ ገባን ካልእ ሕግታትን ብኻልእ ሕግታት ብንጹር ክሳብ ዘይተነጽገን ዘይተተክእን ጸኒዑ ይስርሓሉ።